# መን'ዩ ዲክታቶር ዝብለካ።

መንዩ ዝብለካ ዲክታቶር ንዓኻ፣
ኣንበሳ ገድሊ ምስ ኩሎም ጀጋኑኻ፣
ረሲያሞ ድዮም ፍትሓዊ ቃናኻ።

መርገጽካ ንጹር ንትኸዶ መንገዲ፣
ጁባኻ ቀዳድ ዘይፎቱ ሰልዲ፣
ዋልታ ህዝቢ እንዲኻ ዓቢ ዕርዲ።

ወረ መን'ዩ ዝብለካ ዲክታቶር፣
ለይትን መዓልትን ትሰርሕ ከም ጀነረተር፣
ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝካ ምስቶም ሃነጽቲ ሃገር።

ትርጉሙ ድዩ ጠፊኡዎም ነቲ ቃል፣
እፈልጡ እንድዮም ምኽንካ ዓቃል፣
ከይተዛረብካ ተብሎ ልቦም ቃልቃል።

ደላይ ፍትሒ እንዲኻ ደላይ ሰላም፣
ቃላትካ ንጹር ዘይደሊ ምድጋም፣
ንኹሉ ትህቦ ቕኑዕ ገምጋም።

ንርእስኻ በቓቕ ለዋህ ንህዝቢ፣
ረኣዩለይ ዘይትፈቱ በዓል ቅኑዕ ልቢ፣
ዲክታቶር ምባል ድዩ ናይ ቃልስኻ ዓስቢ።

ተመሪቕካ እንዲኻ ብህዝቢ ኢሉ ደሓን እቶ፣
ምስ ኣቕምካዮ እቲ ቑኑዕ ባይቶ፣
ሓፋሽ ህዝቢ ኩሉ ዝምልከቶ።

ግዜ ኮይኑ ንድሕሪት ኣረበሸቶ፣
ናይ ኩፉኣት ተግባር ከም ቅኑዕ ክዝንቶ፣
ዝበሉ እንተበሉ የለን ግስጋሰኻ ዝዓግቶ።

እቶም ንዓኻ ዲክታቶር ዝብሉ፣
ኣብዘይ ሃገሮም ከይዶም ሓዊ ዘቃጽሉ፣
ዓለም ንቕሒ ንእከይ ግብሮም ኣይትተዓመትሉ።

ዲሞክራሲ ናብ ረብሕኦም ኣውዒሎም፣
ህዝቢ ንህዝቢ ኣቃቲሎም፣
ኣይገርምን’ዶ ዲሞክራሲ ኢሎም ምዝማሮም።

ኤርትራውያን ዓቕሚ ኣሎና ክንፈትሕ ሽግርና፣
ኣየድልየናን ጓና ክኣቱ ኣብ ምምኅና፣
እቕረ እቕረ ምባልዩ ዝተወርሰ ካብ ወለድና።

እዘን ዲክታቶር ኢለን ዝኸሳ፣
ብስም ዲሞክራሲ ህዝቢ ዘፋልሳ፣
ኣየነይቲ ሃገርያ ሕማማ ብኤን ተፈዊሳ።

ንሰን ዝኣተውአ ዓዲ ትኹን ሃገር፣
ካብ እሙን ዝበዝሓሉ ፈገር፣
ዲክታቶር ዝብላ ነቲ ሰራሕ ቁምነገር።

ምኽን እንታይ ክገብራ ብዙሕ ሓርቢቱዎን፣
ሚስጢር ዓወትና ክፈልጣ ጸጊምወን፣
ረብሓ ኣይረኸባን ካብተን ዝዓሰብኤን።

ደርፈን ሓንቲ’ያ ዘይብላ ሩፍታ፣
ንዕኤን ኣይትውክልንያ ስለ ዝኾና ደረስታ።
ደጋጊመን ዲክታቶር ይብላ ክሳብ ዝጠፍእ ላህመታ።

ጥራሕ ቀጽል ንቕድሚት ከም ትማሊ፣
እጥጥዕ ኣሎ ዝተዘርኤ ተኽሊ፣
ብህድኣት ንጽበዮ ከምቲ ጊዜ ገድሊ።

ዝበሉ እንተበሉ ኣይቕየርን ምስልኻ፣
ዝወስዶ የለን ታሪኽ ጅግንነትኻ፣
ሓፋሽ ከም ቀደሙ ኣሎ ኣብጎንኻ።

ንስኻ በዓል ሃብታም ተሞኩሮ፣

ቁሸታት ኣብ ዓዲ ትቕይሮ፣

መታን ክመሓየሽ ናይ ህዝቢ መነባብሮ።

ምስኩሉ ተጻብኦታት ዘይህብ ዕረፍቲ፣

ስራሕካ ትቕጽል ብህዳት ትዕግስቲ፣

ብተግባር ተርኢ መልሲ ነዕነውቲ።

መንዩ ዝብል ዲክታቶር ንዓኻ፣

ረሲያሞ ምኽንካ ኣንበሳ በረኻ፣

ጸላእትኻ ትማርኽ ብህዱእ ድምጽኻ።

ኮዮ ኣይለመደን ቅርጺ እግርኻ፣

ሽዳ'ዩ ዝሰማምዖ ብጻይካ ናይ በረኻ፣

ይቕጽል ኣሎ  እቲ ቁኑዕ ራእዩኻ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።